# ፓርላማ ኢትዮጵያ ዘጽደቖ ሓድሽ ናይ ሰላም እማመ

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
**26.11.2004**

ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቶ መለስ ዜናዊ፡ ነቲ ኣብ ዕጽው መገዲ በጺሑ ዝነበረ ብይን ኮሚሽን ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝምልከት 5 ነጥብታት ዝሓዘለ ሓድሽ ናይ ሰላም እማመ ትማሊ ዕለት 25 ሕዳር 2004 ናብ ፓርላማ ኢትዮጵያ ኣቕሪቡ። ካቢነ ሚኒስተራት ኢትዮጵያን ነቲ እማመ ብ24 ሕዳር ከምዘጽደቖ ተፈሊጡ ኣሎ። ጽማቝ ናይቲ ዝቐረበ እማመ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ።

1ይ. ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘሎ ይኹን ንመጻኢ ክግሃድ ዝኽእል ዘይምርድዳኣት ብሰላማዊ ኣገባብ ጥራሕ ክፍታሕ ንኣምን፤

2ይ. ኣብ መንጎ ክልቲኡ መንግስታት ተፈጢሩ ዝጸንሐ ዘይምርድዳኣት ብልዝብ ብምፍታሕ ምስ ኤርትራ ናይ ሰናይ ጉርብትና (normalisation) ዝምድና ምፍጣር፤

3ይ. መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ንብይን ኮሚሽን ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመትከል ይቕበል፤ ንናይ እንካን ሃባን ዘተ ድማ ድልውነቱ ይገልጽ፤

4ይ. መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ኣቓሪጽዎ ዝጸንሐ ንኣንግሊ ዝኸፈል ክፍሊት ኸሽፍልን ምስ ኣንግሊ ዝራኸቡ መኮንናት (liason officers) ክምዝዝ፤

5ይ. ውሳኔ ኮሚሽን ዶባት ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣብ ግብሪ ንምውዓልን ዘላቒ ሰላም ንምርግጋጽን ብቕልጡፍ ልዝብ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሃገራት ክጅመር ይብል።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ነዚ ተበግሶዚ ክወስድ ዝተበገሰሉ ምኽንያት፡ እቲ ቅድም ክብል ሒዝዎ ዝጸንሐ ቅዋም ቅኑዕ ምዃኑ እኳ ዝኣምን እንተኾነ፤ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ግን ኣይተቐበልዎን ኢሉ። ስለዚ፡ ንሰላም ዘሎና ሓቀኛ ድሌት ንምርግጋጽ ካልእ ተቐባልነት ዘለዎ እማመ ምቕራብ ግድን ኢዩ ኢሉ።

ብቀዳማይ ሚኒስተር ናብ ፓርላማ ኢትዮጵያ ዝቐረበ እማመ፡ ናይ 10 ኣባላት ተቓውሞን፡ ናይ 3 ድማ ናይ ተዓቕቦ ድምጺ ረኺቡ ከምዝጸደቐ ተፈሊጡ ኣሎ።

ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኤርትራ፡ እዚ ደላይ ደሓን መሲልካ ንኽትርእ ዝግበር ተዋስኦ ኢዩ (public relations act) እናበሉ ክገልጽዎ ይስምዑ ኣለዉ።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያን ነቲ ቀያድን ናይ መወዳእታን ዝኾነ ብይን ኮሚሽን ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ክቕበል፤ መንግስቲ ኤርትራ

ድማ፣ ነቲ ዘይምርድዳእ ብሰላም ንምፍታሕ ኣብ ዘተ ክኣቱ ክጽውዕ ከምዝጸንሐ ዝዝከር ኢዩ።